# ናትኩም ARC ብዝምልከት ሽግር ምስ ዘጋጥም እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩም

scottish refugee council

ሚያዝያ 2010

Tigrinya

እቲ ዝተወሃብኩም ናይ ሕቶኹም መመዝገቢ ካርድ ወይድማ 'ARC' ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ። ውቅባ ንኽወሃበኩም ከም ዘመልከትኩም የርኢ ከምእውን ብዛዕባኹም ናይ ግሊ ዝኾነ ሓበሬታን ስእልኩምን የርኢ። ንስኹም ጥራይ ክትትቀምሉ እትኽእሉ። እቲ ናይ ARC ካርድኹም ኣብቲ ዝተወሰነልኩም ፖስታ ኦፊስ ማንነትኩም የረጋግጽ ጥረ ገንዘብ ክትወስዱ ምስእትደልዩ ድማ የፍቅደልኩም።

እዚ ሓጺር ጽሑፍዚ፣ እቲ ናይ ARC ካርድኹም እንተደኣ ምስራሕ ኣብዩ ወይድማ እንተደኣ ጠፊኡ ወይ ተሰሪቑ እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩም ከምእውን ንሕና ድማ ብኸመይ ክንሕግዘኩም ከምእንኽእል ይገልጽ።

## ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝይ ንምውሳድ ናብ ፖስት ኦፊስ ምስ ከድኩ እዚ ARC ካርደይ እንተደኣ ምስራሕ ኣብዩ እንታይ ክገብር ይግበኣኒ?

ብዝኾነ ምኽንያት እቲ ARC ካርድኹም ምስራሕ እንተደኣ ኣብዩ፣ ካብቲ ፖስት ኦፊስ ቅብሊትኩም ውሰዱ እሞ ካርድኹም እንደገና ኣብ ካልእ ግዜ ክትጥቀሙሉ ፈትኑ። ነቲ ናይ ፖስት ኦፊስ ሰራሕተኛ ካርድኹም ክልተ ግዜ ክፍትኖ ክትሓትዎ ኣድላዩ እዩ። ኣብታ መዓልቲ እቲኣ ጽንሕ ኢልኩም ወይድማ ንጽብሓይቱ ክትፍትንዎ ትኽእሉ ኢኹም። *ካርድኹም ክልተ ጊዜ ተፈቲኑ እንተደኣ ዘይሰርሐ፣ እቲ ናይ ፖስት ኦፊስ ሰራሕተኛ ካልኣይ ቅብሊት ከምዝሃበኩም ኣረጋግጹ።*

ክልቲኡ ቅብሊት ምስ ተቐበልክሞ፣ ናብ ቤት ጽሕፈትና ኣምጽእዎ እሞ ደሓር እቲ ዘጋጠመ ሽግር ብዝምልከት ናብ ሆም ኦፊስ ሪፖርት ንክትገብሩ ክንሕግዘኩም ኢና። እቲ ሆም ኦፊስ ናይ ጥረ ገንዘብ ሃገዝኩም ንምውሳድ ክልተ ግዜ ኣብ ዝተፈላልየ እዋን ፈቲንኩም ከምዘይሰክለጠኩም ዘርኢ መረጋገጺ ስለዝሓተት፣ ክልቲኡ ቅብሊትኩም ሒዝክሞ ክትመጹ ኣድላዪ እዩ። ብኽብረትኩም ነቲ ቅብሊት ብዝተኻእለ መጠን ቀልቲፍኩም ኣብ ውሽጢ እተን ቀዳሞት መዓልታት ከተምጽእዎ ፈትኑ። *ሰሙን ምስ ሓለፈ ሪፖርት ክትገብሩ እንተደኣ ፈቲንኩም፣ እቲ ሆም ኦፊስ ነቲ ከይተቐበልኩም ዝሓለፍክሞ ገንዘብ ተመሊሱ ኣይከፍለኩምን እዩ።*

## ናይ ARC ካርደይ እንተደኣ ጠፊኡ ወይድማ ተሰሪቑ እንታይ ክገብር ይግበኣኒ?

ናይ ARC ካርድኹም እንተደኣ ኣጥፊእኩሞ ወይድማ ተሰሪቕኩም፣ ብዛዕባ እዚ ንዓና ቅድሚ ምውካስኩም ቅድም ንፖሊስ ክትሕብሩ ይግባእ። ምስቲ ካብ ፖሊስ ዝተወሃብክሞ ሪፖርት ከምዚ ዝስዕብ ነገራት ክህልወኩም ይግባእ፦

- በቲ ፖሊስ ጣብያ ዝተወሃበኩም ናይ ገበን መጥቀሲ ቁጽሪ (እንተደኣ ተዋሂብኩም ኰይኑ)፣
- ነቲ ዝሃብክሞ ሪፖርት ዝወሰደ ሰራሕተኛ ፖሊስ ስም ወይድማ ቁጽሪ ስልኪ፣ ከምእውን
- ስም ናይቲ ዝሓበርክሞ።

ነቲ ኣብ Strathclyde ዝርከብ ፖሊስ ጣብያ ብስልኪ ቁጽሪ 0141 532 2000 ብምድዋል ተወከሱ፡ እሞ ናይ ከባቢኹም ፖሊስ ጣብያ ኣበይ ምዃኑን መን ክሕግዘኩም ከምዝኽእልን ክሕብርኹም እዮም።

ደሓር ነቲ ሪፖስት ሒዝኩም ናብ ቤት ጽሕፈትና ምስእትመጹ ብዛዕባ እቲ ዘጥፋእክሞ ወይድማ ዝተሰረቐኩም ነገር ናብ ሆም ኦፊስ ሪፖርት ንኽትገብሩ ክንሕግዘኩም ኢና። ሓድሽ ናይ ARC ንምውጻእ ብዙሕ ሰሙናት ክወስድ ከምዝኽእል ብኽብረትኩም ኣስተውዕሉ። ሓድሽ ካርድ ክወሃበኩም ክትጽበዩ ከለኹም፡ እቲ ሆም ኦፊስ ናይ ህጹጽ ቶከን ክሰደልኩም ክንሓትት ኢና። እዚ ድማ ብ DX ዝበሃል ናይ ሓደራ ደብዳበ መበጻጻሕቲ ናብ ገዛኹም ክለኣኽ እዩ።

**ኣብ ሆስፒታል ስለዘለኹ እቲ ብ ARC ዝወሃብ ሓገዘይ ክወስዶ እንተደኣ ዘይከኣልኩ እንታይ ክገብር ይግበኣኒ?**

ኣብ ሆስትፒታል እንተደኣ ደቂስኩም እሞ ናብ ፖስት ኦፊስ ብምኻድ ሓገዝኩም ብARC ክትወስዱ እንተደኣ ዘይከኣልኩም፡ ብኣኹም ዝግደስ ናይ ማሕበረሰብ ሰራሕተኛ እንተደኣ ኣሎኩም ኮይኑ፡ ወይድማ ነታ ነርስ ንዓና ክሕብሩና ሕተትዎም እሞ ንሕና ድማ ብዝቐልጠፈ እዋን ነቲ ሆም ኦፊስ ክንሕብሮ ኢና። እቲ ሆን ኦፊስ ብዛዕባ ኩነታትኩም ክፈልጥ ስለዘለዎ ብዝተኻእለ መጠን ቐልጢፍኩም ከምኡ ክትገብሩ ይግባእ። ኣብዚ ናይ **ናጻ ስልኪ ቁጽርና 0800 085 6087** ብምድዋል ነቲ ኣብ ስራሕ ዘሎ ሰራሕተኛ ክተዘራርቡ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ናይ ናጻ ስልኪ ቁጽርና ካብ ናይ ገዛ ስልኪ ምስእትድውሉ ጥራይ እዩ ዝሰርሕ።

ነቲ ሆን ኦፊስ ብዛዕባ ኩነታትኩም ንኽንሕብሮም እንተደኣ ዘይሓበርኩምና፡ እቲ እትቕበልዎ ሓገዝ ክቋረጽ ይኽእል እዩ፤ ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝ ናብ ካልእ ግዜ ክመሓላለፍ ኣይክእልን ግዜ ምስሓለፈ ድማ ክትረኽቦ ኣይከኣልን።

**ግዜያዊ ዝኾነ ፍቓድ መዘወሪ መኪና ከውጽእ ከመልክት እደሊ። እቲ ናይ ARC ካርደይ ከም መረጋገጺ መንነት ናብቲ ናይ ምዝዋር መኪናን ናይ መኪና ፍቓድን ኤጀንሲ (Driver and Vehicle Licensing Agency (DVLA) ክልእኾ እኽእል ዶ?**

ግዜያዊ ፍቓድ መዘወሪ መኪና ንምርካብ እቲ ናይ ARC ካርድኹም ከም ክፋል ናይቲ ምልክታኹም ናብ DVLA **ኣይትልኣኽዎ**። እቲ ናይ ARC ካርድኹም ነፍሲ ወከፍ ሰሙን ካብ ፖስት ኦፊስ ናይ ጥረ ገንዘብ ሓገዝኩም ንምውጻእ ክትጥቀሙሉ ስለዝኾንኩም። ንዘይ እቲ ካርድ ዝኾነ ገንዘብ ከተውጽኡ ኣይትኽእሉን ኢኩም።

ካብ 25 መጋቢት 2010 ዓ.ም ጀሚሩ፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዑቕባ ሕቶ እንተደኣ ኣቕሪብኩም ኰንኩም እሞ ገና ፍቓድ እንተደኣ **ዘይተወሃበኩም** ኰይኑ፡ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ፍቓድ መዘወሪ መኪና ንህወሃበኩም ከተመልክቱ ኣይትኽእሉን ኢኹም።

ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ናይ መንግስቲ ሕጊ ብዝተገብረ ለውጢ መሰረት፡ እቶም **ብውሕዱ ን185 መዓልታት** ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንኽቕመጡ ፍቓድ ዝተወሃቦም ሰባት ጥራይ እዮም ናይ ዓዲ እንግሊዝ ፍቓድ መዘወሪ መኪና ንኽወሃቦም ከመልክቱ ዝኽእሉ።

እዚ ለውጢዚ ግና ነቶም ናይ ዓዲ እንግሊዝ ፍቓድ መዘወሪ መኪና ክወሃቦም ቅድሚ መጋቢት 2010 ዓ.ም ዘመልከቱ ኣይጸልዎምን እዩ።